

# ኅዳር ፩ን ፪ን

# ክሉሎሙ ቅዱሳን

# ወተዝካረ ሙታን

## ኣስተንትኖ ብዛዕባ መንግሥቲ ኣምላኽ።

**ካብ ኣኰቴተ ቍርባን ዘ፲፱፻፲፰ ርቱዓነ ሃይማኖት ዝተወስደ ኣስተንትኖ።**

መዓቱ ዝረሓቐ፡ ምሕረቱ ዝበዝሐ፡
ሓቀኛ ዝተዓገሦ ጊዜ የልቦን።
ዘይተዓገሦ ጊዜ እውን የልቦን። ነቲ ዝበደለ ናብኡ ክሳዕ ዚምለስ ፈጺሙ ይዕገሦ።
በቲ ዝተቈጠዓሉ ጊዜ ንኀጥኣን ብማይ ኣይኀጺ ደምሰሶ።
ነቶም ቃሉ ዝሓለዉ ሾሞንተ ነፍሳት ኣትረፈ።
ምስ ኣቦኦም ከኣ ኪዳን ዘለዓለም ጽድቂ ኣቘመ።
ኣምላኽ ኣማልኽቲ ዜንድድ ሓዊ፡ ዜድኅን ሓዊ ኢዩ።
መን ኢዩ ስሙ፡ መንዩኸ ስም ወዱ?
ዓዱ ከመይ ዝበለ ኢዩ? ሃገሩኸ ከመይ ዝበለ ኢዩ? (ምሳ. 30፡4)።

**ዙፋኑ ብሓዊ ዝተኸበ፡** መኅደሪኡ ከኣ ብማይ ዝተተትዐ ኢዩ።
**ኣብ ልዕሊ** ቐጽቀጽ ቤቱ ከኣ ዘይፈስስ መርገፍ ማይ ኣሎ።
ካብ ዙፋኑ መስመስታ ይወጽእ፡ **ውሽጡ** ከኣ ከም ረስኒ ሓዊ ኢዩ።
ከም ናይ ከረምቲ ቐስተ ደመና ዓቢይ ብርሃን ኣለዎ።
**ኣብ ዙርያኡ** ከኣ መብረቕ ኣሎ።
**ኣብ ጕድኒ** እቲ መንበር፡
**ኣብ ልዕሊ** ርእሶም ሕብሩ ከም ፃዕዳ በረድ ዝኾነ
ሰፊሕ መንበር ዝፆሩ ዝርባዕተ እንስሳ ኣለዉ።

ኣብ ዙርያ እቲ መንበር ክኣ ፳፬ ካህናት ሰማይ ኣለዉ።
ኣብ ቅድሚኦም'ውን ሥእሊ እቲ በጊዕን ብደም ዝተዓለሰት
ኪዳንን ዝተኃትመ መጽሓፍን ይርእዩ (ራእ 5፡ 1-14)
ነቲ መንበር ኣብ ዘዝያዱዎ ኵሉ ነቲ ሥእሊ በጊዕን
ነታ ብደም ዝተዓለሰት ኪዳንን ነቲ ኅቱም መጽሓፍን ሠሠለስተ ጊዜ ይሰግዱ።
ትኪ ምስጋና ድማ ነቲ ድንኳን ኣደራሽ ይመልእ።
ካብ ትሕቲ እቲ መንበር ክልተ መንገዲ ዘለዎ ባሕሪ ይፍልፍል።
ንሱ ናይ ብርሃንን ናይ ንፋስን ባሕርን ኢዩ።
ኣምላኽ ኣማልኽቲ ግና ኣብኡ ዚነብር ኣይኮነን።
ጐይታ ጐይቶት ድማ ኣብኡ ዚሕባእ ኣይኮነን።
ኣብ ደገ ይነብር ኣብ ውሽጢውን ይርከብ።

ኪረኽብዎ ኣይከዱን ኢዮም፡
ኪደልዩዎ ከለዉ ኣይሰኣንን ኢዩ፡
ካብ ሕልና ፍሉይ ስለዝኾነ ኪሕዝዎ ከለዉ ኣይድህሰስን ኢዩ።

ንሃብታም ይሕልዎ፡ ምስ ድኻ ድማ ይነብር፡
ንትሑት ይፈቱ፡ ንዕቡይ ግና ይጸልእ (ያዕ 4፡6)፡
እንተፈቐደ የጽድቕ፡ እንተ ፈተወ ድማ የድኅን፡
ከምዘይሰምዕ ይጽነን፡ ከም ዘይርኢ ስቕ ይብል።
ከም ዘይፈልጥ ይዕገስ፡ ከም ዘይህብ ይድንጕ።

ኣምላኽ ኣማልኽቲ፡
ጐይታ ጐይቶት፡
ንጽኑዓት ጐይታኦም፡
መልእኽትን ሊቃነ መላእኽትን ዚሰግዱሉ ኢዩ።



ብምርኣይ ኣይኮነን ዚሰግዱሉ፡
እንታይ ደኣ ንመንበሩ ይሰግዱሉ፡
ንዕቤቱ ይግዝኡ።
ፍቓዱ ንምፍጻም ናብ ኣርባዕተ መኣዝን ዓለም ይነፍሩ።
ሱራፌልን ኪሩቤልን ዓው ኢሎም፡
"ቅዱስ እግዚኣብሔር፡ ብሓይሊ ትዕቢት ዘይኮነስ፡
ቅዱስ ኃያል፡
ዘይመውት ቅዱስ ሕያው፡ ምእንቲ ፍቕሪ ሰብ ዝሞተ" ይብሉ።

ኣብ ዓለም ዚውለዳ ነፍሳት፡
ካብ ሓንቲ መዝገብ፡ ካብ ትንፋስ ኣፉ ይወጻን ይልምልማን።

ክርዳድ ዘይብሉ ስርናይ ከኣ ኣብ ሓንቲ መዝገብ ይኣቱ።
ንዅሉ ከከም ግብሩ ክሳዕ ዝፈድዮ ነፍሳት ጻድቃን ኣብኡ ይነብራ፡



ኣብኡ ከኣ ይሕለዋ።
ኣብኡ ሓጐስን ደስታን ኣሎ። ኣዳም፡ ኣቦ ዅሉ፡ ኣብኡ ኣሎ፡ እርእስቲ ኣቦታት ዝኾኑ ኣቤልን ሴትን ሄኖስን እውንምስ ዅሉ ፍሬኦም ኣብኡ ኣለዉ።

ኣዕሩኽ ጐይታ ዝኾኑ ኣብርሃምን ይስሓቅን ያዕቆብን ድማ ኣብኡ ኣለዉ።
ካህናት ዝኾኑ ሙሴን ኣሮንን ኣብኡ ኣለዉ።
ዅሎም ቅኑዓት ሃይማኖት ዝኾኑ ነገሥታት፡ ዳዊትን ሕዝቅያስን ኢዮስያስን ኣብኡ ኣለዉ።

ነብያት ምስ ትንቢቶም ኣብኡ ኣለዉ፣
ነቲ ዝፈቐድዎ ናብኣ ምእንቲ ኬእትውዎ መፋትሕ
ኣብ ኣእዳዎም ዝኃዙ ናይ ዋሕድ ደቀ መዛሙርትውን ኣብኡ ኣለዉ።
ጐይታኦም ዝኣመነሎም፣ መኽሊቶም ዘርብሖ፣
ሊቃነ ጳጳሳትን ጳጳሳትን ኤጲስቆጶሳትን ቀሳውስትን ዲያቆናትን ኣብኡ ኣለዉ።
ኣኽሊሎም ካብ ጸሓይ ዕጽፊ ዚበርህ ሰማዕታት ኣብኡ ኣለዉ።
ጻድቃን እውን ብትዕግሥቶም ኣብኡ ኣለዉ።
ናይ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ቊጽሪ ዘይብሎም ሠራዊት፣
ሰብኡትን ኣንስትን፣ ኣብኡ ኣለዉ። ካብቲ ዝቀደመ ዕጽፊ ዓስቦም ክሳዕ ዝቕበሉ ብፍሥሓን ብሓጐስን ኣብኡ ኣለዉ።
ጻድቃን ብኽብሪ፣ ለዋሃት ብኽብሪ፣ ኅሩያት እውን ብኽብሪ ኣብኡ ይነብሩ ኣለዉ። ኦጐይታ፣ መልሲ እትህብ ንስኻ፣ እትሰምዕ ንስኻ፣ እትረድእውን ንስኻ ስለዝኾንካ፣ ንልምነካ ኣሎና።